Skolverket

## ንኣኻትኩም ሓለውቲ ወለዲ ዝኾንኩም

# Prao – ኣገዳሲ ምድላው ንናይ ስራሕ ህይወትን ተወሳኺ መጽናዕትን

ኣብ ቀረባ እዋን ውላድኩም Prao ዝገብረሉ ግዜ ክበጽሕ እዩ!

Prao ከም ግብራዊ ናይ ስራሕ ህይወት ኣንፈት ዝግለጽ ኮይኑ፡ እቶም ተማሃሮ ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ቦታ ምስራሕ ከመይ ከም ዝመስል ንኽፈልጡ ዕድል ከም ዝወሃቦም ዘመልክት እዩ። ኩሎም ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ፣ ፍሉይ ድሌት ዘለዎ ቤት ትምህርቲን ፍሉይ ድሌት ዘለዎ ኩለመዳያዊ ቤት ትምህርትን ዝርከቡ ተምሃሮ ኣብ 8ይን/ወይ 9ይን ክፍሊ ግብራዊ ናይ ስራሕ ህይወት ኣንፈት ክወስዱ ኣለዎም። ኣብ ሕጊ ትምህርቲ ሸወደን ከምኡ ተገሊጹ ኣሎ።

ብዛዕባ መጻኢ ጽቡቕ ምርጫታት ክገብሩ ምእንቲ ክኽእሉ፡ ውላድኩም ብዛዕባ ዕዳጋ ሸቕለትን ተመክሮታትን ኣብ እተፈላለየ ሞያዊ ቦታታትን ኢንዱስትሪታትን ክረክቡ ኣለዎም። ግብራዊ ናይ ስራሕ ህይወት ኣንፈት (Prao) ውላድኩም ኣብ ናይ ስራሕ ህይወት ኣየኖት ክእለታትን ዓቕምታትን ከምዘድልዩ ንኽርኡ የቃልል። ኣብነት ዓቕምታት ተበግሶን ሓላፍነትን ምውሳድ ክኸውን ይኽእል። ስለዚ ኩሎም ተምሃሮ ግብራዊ ናይ ስራሕ ህይወት ኣንፈት (prao) ክገብሩ ኣለዎም።

ቤት ትምህርትን ናይ ስራሕ ቦታን ውላድኩም ግብራዊ ናይ ስራሕ ህይወት ኣንፈት ዝገብሩሉ ቦታ ምቹእን ውሑስን ምዃኑ ንምርግጋጽ ይተሓባበሩ። እዚ ንኣብነት ንውላድኩም ኣብ ስራሕ ቦታ ዝድግፉ መምህራን ምምዛዝን ኣስራሕቲ ነቲ ዘሎ ናይ ስራሕ ሰዓታትን ናይ ስራሕ ሃዋህውን ዝምልከት ሕግታት ከም ዝኽተሉ ምርግጋጽን ከጠቓልል ይኽእል። ውላድኩም ኣብቲ ግብራዊ ናይ ስራሕ ህይወት ኣንፈት ዝግበሩሉ እዋን ብመንገዲ ቤት ትምህርቲ ውሕስነት ይረክብ።

እቲ ቤት ትምህርቲ ውላድኩም ንናይ ግብራዊ ናይ ስራሕ ህይወት ኣንፈት ዝግበሩሉ እዋን ጽቡቕ ምድላው ከምዘለዎም ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ኣለዎ። መብዛሕትኡ ግዜ ተማሃሮ ናብ ቤት ትምህርቲ ምስ ተመልሱ ኣብ ክፍሊ ክቐርቡ ዘለዎም ዕማማት ይወሃቦም። በዚ መንገዲ ድማ ብመማህርቶም ኣቢሎም ብዛዕባ ካልኦት ናይ ስራሕ ቦታታትን ሞያዊ መዳያትን ፍልጠት ይረኽቡ።

ብዛዕባ ግብራዊ ናይ ስራሕ ህይወት ኣንፈት (prao) ዝያዳ ክትፈልጡ ምስ እትደልዩ፡ ሸው በጃኹም ምስቲ ናይቲ ቤት ትምህርቲ መጽናዕትን ሞያን ኣማኻሪ ወይ መምህር ተወከሱ።

Skolverket

ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዝርከብ ርክብ ዝገብር ሰብ

.................................................................................................

ቁጽሪ ስልኪ ..................................................................................

ናይ ኢመይል ኣድራሻ: ........................................................................



